ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ነቲ ቢሮ ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ መሳርሒ ፅሑፍ: ናይ ኤችኣይቢ ምልክትን ሪቫንን ሕትመት ዘለዎ ፅላል : ኮምፒተራትን ተዛመድቲ ኣቅሑተን: ናይ ጋራጅ ፅግና ግልጋሎት ክዕድግ ስለዝደለየ ኣብዚ ግልፂ ጨረታ ክትሳተፉ እትደልዩ መቅረብቲ ትካላት ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ታሕሳስ 6, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 15, 2016 8:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢዘርፉ ዝተፈላለየ እዩ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 16, 2016 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ፅገና ተሽከርካሪ/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 ሎት ሐደ መሳርሒ ፅሕፈት ክልተ ኤችኣይቢ ምልክትን ሪቫንን ሕትመት ዘለዎ ፅላል ሎት ሰለስተ ኮምፒተራትን ተዛመድቲ ኣቅሑተን ሎት ኣርባዕተ ግልጋሎት ጋራጅ ፅግና ተሽከርከርቲ እንትኮኑ ተጫረቲ ክተማልእዎም ዝግባእ ረቆሒታት

2 ተጫረቲ ዝተሐደሰ ናይ ዘመኑ ፍቃድ ንግዲ ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ከምእዉን መረዳእታ መቅረባይነት ዘለዎም

3 ኣብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ምዝገባ ምስክር ወረቀትን ናይ ሑሉፍ ሰለሰተ ወርሒ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሒሳብ ዘወራረድክምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ እትክእሉ አብ ናይ ተሽከርከርቲ ፅገና ጋራጅ ደረጀ ሰለስተን ልዕሊኡን ክትዋደደር እትክእሉ ምካንኩም እናገለፅና ዝተሐደሰ ናይ ብቅዓት መረጋገፂ ድማ ክትቀርቡ ይግባእ

4 መከበሪ ጨረታ ንሎት ሐደ ሰለስትን ኣርባዕተን ዒስራ ሽሕ /20000/ እንትከዉን ንሎት ክልት ድማ ዓሰርተ ሽሕ ቅርሺ /10000/ ብመልክዕ ስፒኦ ብባንክ ዝተረጋገፀ ኣብ ኩናታት ዘይተመሰረተ ዉሕስና ወይ እዉን ብጥረ ገንዘብ ክተትሕዙ እትክእሉ

5 ሰነድ ጨረታ ብዝተዓሸገ ፖስታ ሐደ ዋናን ሐደ ቅዳሕን ፋይናንሻል ንሎት ኣርባዕተ ግን ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ሐደ ዋንኡን ሐደ ቅዳሑን ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ቢሮ ቁፅሪ 42 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ምእታዉ ትክእሉ

6 እቲ ጨረታ ካብ 6/4/2016 ዓም ጀሚሩ ንተካታተልቲ 10 መዓልቲታት ኣብ አየር ዝፀንሕ እንትከዉን 15/4/2016 ዓም ለክዕ ሰዓት 8:30 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 9:00 ይክፈት

7 ሰዓራይ ትካል ብዝተዉሃቦ ዝርዝር መሰረት ከቅርበብ ይግባእ ሰዓራት ትካል ብናይ ባዕሉ መጎዓዘያ ናብ ቢሮ ሓለዉ ጥዕና ክልል ትግራይ አታዊ ይገበር

8 ጨረታ ዝከፈተሉ ዕለት ባዕል እንተዉዒሉ ኣብ ዝቅፅል ናይ ስራሕ ሰዓት ይክፈት

9 ሰዓራይ ትካል ብዘቅረቦ ዝርዝር ስፔስፊኬሽን መሰረት ንሎት ሐደ ንሎት ክልተን ንሎት ሰለስተን ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 10 ተከታታተልቲ መዓልቲታት ንሎት ኣርባዕት ናይ ተሽከርከርቲ ፅገና ጋራጅ ድማ ዉዕሊ 30000 / ሳለሳ ሽሕ / ብምቅራብ ክሳብ በጀት ዓመት ሰነ 30/2016 ዓም ግልጋሎት ይህብ

10 ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ካብ ከይዲ ዕደጋ ቢሮ ቁጽሪ 42 ዘይምለስ 50 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሳድ ትክእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 እቲ ቢሮ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብመሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

12 ብተወሳኪ ድማ ብመምርሒ ስርዓት ዕደጋ ብሄራዊ ክልላዊ መንግሰቲ ትግራይ ኣዋጅ ቁፅሪ 255/2007 መምርሒ ቁፅሪ 04/2007 ተገዛኢ ይከውን

ንዝበለፀ ሐበሬታ 0344404715

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle